# 1 መስከረም 1961 : ኣርማ ሓበንን ጽንዓትን

ዓወት  ንሓፋሽ !



መበል 54 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ : ኣብ እዋን ድርብ መኸተ ንጽምብላ ምህላውና : መግለጺ ናይ ዘይተጸዓድነትናን : ንኹሉ እንተታት ከከም ኣመጻጽእኡ ብብልሕን ብልዑል ተወፋይነትን ንረብሓና እናቐየርና ን54 ዓመት ምስጋምና ተንቲንካ ንምግላጹ ንታሪኽ ይኽበዶ : ኣብናይ ሓደ መዋእል ምስ ሓያላት ሃገራት ገጢሙ ህላወኡ ከምቲ ዝደልዮ ዘረጋገጸ እንኮ ህዝቢ ኤርትራ'ዩ : እምበር ቅድሜና ናጽነተን ዝረኸባን ምስና ሓርነታዊ ቃልሲ ዝጀመራን : ዓሰበን ሞትን ተምበርካኽነትን ኮይኑ ኣብ ምኽዳም ይርከባ : ስለዝኾነ : ባሕቲ መስከረም ኣብ ንህላዌና እናኾላዕናን እናወረቐናን ነብዕላ ምህላውና : ድርብ ዮሃና ንምብምሉእ ህዝቢ ኤርትራን መንግስቱን ጅግና ሓይልታት ምክልኻልን :

ዓመተ 2015 ክልተ ኣጋጣሚታት ዝረኣናላ ዓመት'ውን እያ : እቲ ሓደ ታሪኻውያን ጸላእትና ንሙቕጻይና ኣብ ዓውዲ ኲናት ዝሰኣንዎ : ብቃጻ ተሞኽኒዮም : ንሓንቲ ወቀጥ ዝኾነት (*Sheila* B. Keetharuth). መሻርኽታን ዓሲቦም : ታሪኽናን ባህልናን ዘዕኑን ዘዋርድን : ብባዕላቶም ዝውንንወን መራኸቢ ብዙሃን ክጋዋሕ ምሕጋዩን :

እቲ ካልኣይ ንሕልሞም ዘማህመነ ናይ ዝበዝሓ ኣውሮጳ ሃገራት ዲፕሎማሰኛታት : ኣብ ኤርትራ ብምእታው ብዓይኖም ርእዮም ዝመስከርዎ ክውንነታዊ ሓቂ : ምስቲ ዓርማም ቅኒቶም ዘይሳነ ብምኳኑን : ብተወሳኺ : ኣብ ፈረንሳን ቻይናን ኣብ ስፖርት : ብመንእሰያትና ዝተመዝገበ ታሪኻዊ ዓወታት እታ ወትሩ ክትክሕደና እትወናወን መልሓስ : ኤርትራ ኤርትራ ኢላ ከትድምጽ ምቕሳባ 'ዩ ንጸላእትና ዝሽሸሐ ድንቂ ፍጻመ እዩ ::

ከምዚ ክንብል እንከለና ግን : ከም ኣፍቀርቲ ሃገሮምን ሰብ ዕላማን ምኳንና መጠን : ንካልኢት'ውን ትኹን ከይተዛነና : ካብ ትዕዝብትና ከነርሕቖም ኣይግባእን : ኣብ መንጎ ስርናይ ክርዳድ ከምዘሎ ዘይምዝንጋዕ ; ኣብ ውሽጢ ዝበዝሐ ምሩጽ ስርናይ ዝመልአ ቆፎ ተወሺቑ : ንቖንዲ ነገር ብምብካል ወይ ብምሕንፋጽ : ይረብሕ'የ ዝብል ምግዱር መንቅሎ ዝህልዎ ምሽቲ ኣይስኣንን እዩ : ወላ ኣብ መንጎ'ዚ ፍሉይ እንብሎ ህዝቢ ኤርትራ !! እንተኾነ ግን : ንስራሕ ንህንጸት ዘንቀለ ምዑት ህዝቢ ስለዝኾነ ሚዛን ኣይህቦን እዩ : ከም ኣብ ጽፍሒ ባሕሪ ዘንሳፍፍ ቀሸም ጎቦ-ዓይኑ ልኢኹ'ዩ ዝሰግሮ : እዚ ንባዕሉ ባሕሪ ዝኸብዱ ህዝቢ : ጥለቀት ባሕሪ ኣማእዚዩ ስለዝፈልጥ : በዚ መንፈሲ'ዚ ውህሉልን ዝወራረስን ተሞኩሮ ዝውንን : ረድዩን ኣሚኑን ብረዚን ዋጋ ደሪዑ ዝውንና መሬት ክህልዎ ክኢሉ'ዩ : ስለዚ ምስ መጠን ዝቀያየር ብርሃን ካብ ቁመት ዘይነውሕ ጽላሎት : ሓንቲ ካልኢት'ውን ትኹን ብዛዕባ ሓድነቱ ተደናጊሩ ኣይፈልጥን .

እንተኾነ ኣሸበሸብ ዝሩጋት ዝነፍይሉ ሚሐ ካብ ኢዱ ከርሕቕ ከምዘይብሉ ይግንዘብ እዩ : ጽገሬዳ እታ ንብዙሓት ህዋሳት እትሰልብ ዕምበባ'ውን እንተኾነት እሾኽ ተብቁል'ያ : ንጽባቐኣ ግን ኣይጋርዶን'ዩ : ጽገሬዳ ምስናይ ብልሒ እሾኻ ጽገሬዳ እምበር እሾኽ ተባሂላ ኣይትስመን: እዚ ይኹን እምበር ኣብ ስፍሓት ጋብላ ክሕንብሱ ዝፍትኑ ስለምንታይ ተራእዮም ኢልካ ከተስቆንቍን ዝደፋፍእ ኣይኮነን : ህዝቢ ኤርትራ ፍጥር ካብዝብል ኣብ'ቲ ንጹህ ማህጸኑ ጉራ-ጉራ ምኹሉኣት ስለዘይተጋደፉዎ : ኣብ ናይ ትማሊ ቀረባ ዝኽሩ : ስዉኣቱ ኣብ ነፍሲወከፍ ህርመት ልቡ : ኣካላቶም ዘወሳውሱ ስዉኣት ዘይመዋትያን ሓወልቲ ኣለውዎ : ኣብ ኣንጉዕ ብዙሓት ብሳጓ'ምበር ስሞም : ዓዶም: ሃብቶም : ድኽነቶም : ምሁሮም : ዓኳዮም : ወዶም : ጓሎም : ኣብ ቀዝሒ ኣብ ሾልቀ : ኣብ ብልሒ መላጸ ብብልሒ ረጊጾም: እንታይነት ከይሓተቱን ክሕተቱ ከይተገደሱን : ክንየ ሃምበል ዘሎ ዝደመቐ ብርሃነ-ናጽነት እናኣማዕደዉ : ትሕተ-ሃገራውነት ክነጆ ሃገራውነት

ዝሸብብ ኣዱር-ባዱር ከየሳሰዩ : ኣብ ክንዲ ጽሕታር ሶንኪ ጕድጓድ : ብፈይታ ሓመድ ዝተቐብሩ ሓላላት ሰማእቲ ዘምጽኡዋ ባንዴራ ኣብ ዘንጊ ሓቂ ተሰቒላ: መን ወዲ መን ከይበሉ ተዋሲቦም ደም ሓድነት ፈጢሮም ንኤርትራ ከም ነጻ ሃገር ምስ ውቁብ ግርማኣ ማዕረ ዓለማ ሰሪዮማ :

እዚ ደም'ዚ ዘርገአ : ኣብ ክሊ ዙርያ ጸሓይ ኣቕሪብካዮ'ውን ክመክኽ ዘይክእል ኣንጉዕን ምስጢርን ናይ ኤርትራን ህዝባን'ዩ : ይኹን እምበር ኣብ ውሽጢ'ቲ ዓጽሚ ዘስተንፍስ ኣንጕዕ ምህላዉ ዘይፈልጡ : ከፈር-ከፈሩ ጥራይ ዝርእዩ ንዓለምን ዓለማውያንን ኣዳቒቕና ንፈልጥ ኢና በሃልቲ ፈሊጣውያን : ኣብ ሕበጥ ጭዋዳ ዘንቀባርሩ ሓይልታት : ድሕሪ ነፍሲወከፍ ምንፋሕ : ክፉእ ምንፋስ ከምዘሎ ዘንጊዖም : ነዚ መንፈስ ዝፈጠረ ዋጋ ከረጋግጹ : በትሮምን መልሓሶምን ከንዘልዝሉ ምርኣይን ምስማዕን ኤርትራዊ ረብሪብሉን ላድይሉን'ዩ : ታሪኻውያን ጸላእትና ንህዝቢ ኤርትራ ኣጸቢቖም ኣየንበብዎን : ምናልባት እዚ ግጉይ ንባብ ብልጫ ኤርትራዊ'ውን ይኸውን ይህሉ : እቲ ምንታይ ሓበሬታኦም ኣብ ላህመተ ላህመት ወይ'ውን ከደምቶም ኣብ ዝህብዎም ግልቡጥ ጸብጻብ ሕልሚ ስለዝምርኮስ'ዩ : ወትሩ ብዛዕባ ኤርትራ ግምታቶም ዝንቡዕ ዝኸውን :

ሰብ ብፍላይ ድማ ጠላም ሰብ : ረሳዒ ስለዝኾነ : ( ዝሓለፈሉስ ትንፋስ ኣሕለፈ ) ከምዝበሃል : ነዚ ዘስተንፍስ ኣንጉዕ ዝፈልጡን ክፈልጡ ዘይደልዩን : ዓቢ ታሪኻዊ ወንጀል ካብ ምድግጋም ክእደቡ ኣይተራእዩን : ኑቲ ናይ ትማሊ ምስጢር ዝውንን እዚ ናይ ሎሚ ህዝቢ ምዃኑ : ጽባሕ'ውን ናቱ ምዃኑ ኣይተገንዘብዎን : እቲ ንሞት ኣድኒኑ : ብመስዋእቱ ዳግማይ ዝፈጠሮም : ይትረፍዶ ብጋህዲ ክጭብጥዎ : ክሓልምዎ'ውን ጋዶ ዝነበረ : ቀጽሪ ኣራት ኪሎ ሓንጊሩ ኮፍ ንዘበሎም ሓይሊ ፍጹም ክሒዶም : ንምድማይና  ኣብ ታሪኻውያን ጸላእትና ሰጊዶም ንኽድምና ተዓሲቦም : ዳህለለ ኢሎም ቆርበት በጊዕ ለቢሶም ናብ ድቀት እንተወረዱ : ኣብ ግናዕ ኢድ መላእ ሓርበኛ ህዝቢ ኤርትራ ኣቐዲሙ ዝመክኸን : መኺኹ ናብ ጸብሪ ዝህሞኽን ውዲት ምዃኑ ዘንጊዖሞ :

ከም ህዝቢ ኤርትራ ዝበለ ምዑት ወረጃ ህዝቢ : ላህመቱ ከፊሉ መትንን ደምን : ርእስን እግርን : ሓበንን ክብርን : ትንፋስን ሂወትን  ዘጥረየ : ብዋዜማ ድምጺ  ሃገራዊ ቅኒት ጭዋዳታቱ ዘስምር ህዝቢ : ኣብ ማእገር ሓያላት ተወጢሕካ ከተጓጥጠሉ ምህቃን : መዝገብ ዕሽነት ዘይገልጸ ዕሽነት ጥራይ እዩ : ስለዚ ህዝቢ ኤርትራ ብክልተ ኣእዳዉ ኣብ ሓደ እዋን ጽምዲ ነገር ክሕዝ : ኣብ ዝግደደሉ'ኳ እንተሃለወ : ብጽንዓትን ብብስለትን ፍሪኡ ንምእካብ ክከላኸልን ብስምሪ ኣብ መሳርዕ መኸተ ይርከብ : መኸተኡ ድማ መኸተ ለምዕን ልዑላውነትን ንርጉጽ ተጨባጢ ዓወት እዩ :

## ባሕቲ መስከረም ! ረዚን ሕድሪ ዘሰከመት
## ናይ ጽንዓትን ሓበንን ዕለት !

ዘልኣለማዊ መጎስን ክብርን ንጀጋኑ ሰማእታትና !

## ዓወት ንሓፋሽ !

ብመድሃኔ  ተስፋኣለም